TPF
ትግራይ ሓይሊ ሰላም
TIGRAI PEACE FORCE

**ሚሊተሪ ካውንስል ትግራይ ሓይሊ ሰላም**
**Military Council of Tigrai peace force**

## ብመሠረት ውሳነ ፌደሬሽን ቤት ምኽሪ ብሄራዊ መረፃ ቦርድ ኢትየጵያ ዘውፅኦ መግለፂ ዋንነት ርስተ መረበትናን ሉኣላዊ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ብዝምልከት ዘወፀ እዋናዊ ናይ ቅዋም መግለፂ

ከም ሓይሊ ኣብ ትግራይ ሥርዓታዊ ለውጢ ንምምፃእ ክንቃለስ ምኽንያት ካብ ዝኾኑና ወሰንቲን ልዕሊ ምንም ቦታ እንህቦ ዋኒንና ሓደ ህልውና ተጋሩ እዩ፤ ህልውና ሓደ ህዝቢ ድማ ብዘይካ ዋንነት ርስተ መረበቱን ግዝኣታዊ ሉኣላዊነቱን ክረጋገፅ ኣይኽእልን ኢልና ኢና ንኣምን።

ከም ተጋሩ ንዘመናት ካብ ዝተቓለስናሎም ዋኒናት ሓደ እውን እዩ፤ ርስተ መረበትና ኣሕሊፎም ንዘይምሃብ ወለድና፥ ኣሕዋትናን ደቅናን ክባር መተካእታ ዘይብላ ዋጋ ህይወት ከፊሎም እዮም።

ከም ሓይሊ ሕቶና ሥርዓታዊ ሰላም ዘምፅእ ምቹው ፓለቲካዊ ቃልሲ ክፍጠር እዩ፤ መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ውክልና ተጋሩ ዘይብሉ ፌደሬሽን ቤት ምኽሪ ዝወሰኖ ውሳነ መሠረት ገይሩ ብዛዕባ ናይ ተጋሩ ርስተ መረበትን ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ዝኾኑ ምዕራብ ትግራይ ማለት ሑመራን ዓዲ ረመፅን፥ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ማለት ፀለምቲ፥ ደቡብ ትግራይ ኮረም ኦፍላ ራያ ኣላማጣ ኣመልኪቱ ዘሕለፎ ውሳነ ከም ሓይሊ ብትሪ ንቃወሞ ምኳንና ንገልፅ።

መረፃ መሰል ዓርሰ ውሳነን ዓርሰ ምሕደራን ህዝቢ ዝረጋገፀሉ መሥርሕ ዲሞክራሲ እዩ፤ እዚ ውሳነ ድማ እዚ መሰል ዝፃረር ሓደገኛ ውሳነ ብምኳኑ እውን ኢና ኣትሪርና ንቃወሞ ዘለና።

ተጋሩ ኣብ ዝሃለና ንሃሉ ኣብ ጉዳይ ህላወናን ዋንነት ርስተ መረበትናን ፍፁም ኣፈላላይ ክህልወና ከም ዘይግባእ ተረዲእና ብሰላማዊን ፓለቲካዊን ኣገባብ ቃልሲ ብፅንዓት ነዚ ውሳነ ክንቃለሶ ድማ ይግባእ።

እዚ ውሳነ ሕገ መንግሥቲን ውዕሊ ፕሪቶርያን ብምጥሓስ ሰላም ናይዛ ፌደራሽንን እዚ ቀጠናን ናብ ፍፁም ሓደጋ ከም ዘውድቕ ተገንዚቡ ቅልጡፍ መኣረምታ ካብ ምግባር ሓሊፉ ሕገ መንግሥቲን ውዕሊ ፕሪቶርያን ዝጠሓሰ ውሳነ ንዘሕለፉ ኣካላት ፌደራል መንግሥቲ ብሕጊ ክሕተቱ ንክገብር ፃውዒትና ብኣንፅንኦት ነቕርብ።

ከም ሓይሊ ኣብ ጉዳይ ሉኣላዊ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ዋንነት ርስተ መረበትናን ቀይሕ መስመርና ከም ዝኾነ ብምርዳእ ኣባልናን ደጋፊናን ንእንገብሮ ኵለመዳያዊ ብሄራዊ ቃልሲ ድጋፉ ከጠናኽር ከም ዘለዎ ድማ ክነገንዝብ ንፈቱ።

**ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ክብርን ንስለ ህዝቦምን ርስተ መረበትናን ክብሉ ዋጋ ንዝኸፈሉ ስውኣትና።**

**ሚሊተሪ ካውንስል ትግራይ ሓይሊ ሰላም**
**Military Council of Tigrai peace force**

**ለካቲት 16/ 2018 ዓ/ም።**